ምምሕዳራዊ መምርሒታት ዘስተኻኽሉን በብሥርዓቱ ዝተመኑን፡ ናይ በደል ካሕሣ ከዓ ከከም መጠኑ ዝሠርዑን ኣብኡ ኢዩ ይበሃል። ካብቱ ሻዑ ዝሠርዕዎ ነጥብታት ንኣብነት ሓደ ቁሩብ ምጥቃስ ይከኣል፡-

1/ ሓደ ሰብ ንላሕሚ እምኒ ደርቢዩ እንተቐተለ ዓቢይ ዕዳ፡ ብበትሪ እንተቐተለ ግን ንእስ ዝበለ ዕዳ ይውሰኖ። ምኽንያቱ ኸዓ ላሕሚ እትኾኰብ ብበትሪ ስለዝኾነ ብዘይፍላጥ ክኾን ይከኣል፤ ብእምኒ ስለዘይትኾኰብ ግን ብፍላጥ ክኾን ይከኣል ብማለት ኢዩ።

2/ ንጤል ብበትሪ እንተቐተለ፡ ብበትሪ ስለዘይትኹኰብ ዓቢይ ዕዳ፡ ብእምኒ እንተቐተለ ግን እምኒ ደርቢኻ ስለእትኹኾባ ንእስ ዝበለ ዕዳ ይውሰኖ።

3/ ሰብ ንሰብ "ኣንታ ዝብኢ" ቢሉ እንተጸረፈ፡ ድራር ዝብኢ ይኸውን ኢልካ ዝግመት፡ ሓንቲ ላሕምን ንመስተ ዝብኢ ሓርቢ ማይን ክሒሱ ይቕረታ ይሓትት።

4/ ሰብ ንሰብ "ኣድጊ" ቢሉ እንተጸረፈ፡ ጸራፉይ ንተጸራፉይ ኣድጊ ምስ ፅዕነቱ ኪሒሱ ይቕረታ ይሓትት።

5/ ሰብ ንሰብ ኣንቲዑ ደም እንተፈሰሰ፡ "መንሺዕ" ተብሂሉ ዝተመርፀ ደም ዝመልስ ምግቢ፡- ሀ) ኪሎ መዓር፤ ለ) ኣቦስንቲ (ሊትሮ) ጠስሚ፤ ሐ) ካዕቦ ጥሕኒ - 20 ምልሊኽ (ኪሎ) ኣቢሉ፤ መ) በጊዕ ወይ ከዓ ጠል ካሕሣ ይወሃብ እሞ ይዕረቑ ነበሩ።

6/ ሓደ ሰብ ንሰብ እንክብድል ካሕሣ፡ እቱ በደለኛ "ኮዎንከ ኮንቶም" (55 ቅርሺ[50]) ይኸሓሥ ይበሃል እሞ "እኸሕሥ" ቢሉ በደሉ እንተኣመነ፡ "ኮራ" ወይ ምሳሕ ሽማግለ ተብሂሉ ይኣደገሉ ነበረ እምበር ካሕሣ ኣይብላዕን፤ እቱይ ከዓ ብጊደኡ ክብድሎ እንክሎ ብኣኡ ተጕዲቡ ይዕረቑ ነበሩ። ካሕሣ ምብላዕ ከም ዓቢይ ጽያፍ (ነውሪ) ይቑጸር ስለዝነበረ ተበዳሊ ጸላእኹ ጸገመኒ ቢሉ ካሕሣ ክበልዕ መሰል ኣይነበሮን፤ ምኽንያቱ ምንም'ኳ ውልቀሰብ እንተተበደለ እቱ በደል ናይ ምሉእ ዓሌት ስለዝኾነ ንቱ ካሕሣ ክፈልጡ ኮነ ክበልዑ ወይ ክምሕሩ ዝኽእሉ ዓሌት ኢዮም።

7/ ጓል ወይ ሰበይቲ እንተተዓሚፃ፡
- ኣብ መንገዲ ወይ ኣብ በረኻ በይና እንተጸንሐት ቅልል ዝበለ ዕዳ ወይ ነፃ፤ ከመይ ጓል ኣንስተይቲ በይና ክትከይድ ባህላዊ ተቐባልነት ኣይነበሮን።

[50] ብቱ ጊዜ'ቱይ ካብ ሓደ ክሳዕ ሠለስተ ወይ ኣርባዕተ ቅርሺ ሂብካ ዝደለኻዮ ብዕራይ ወይ ላሕሚ ክግዛእ ዝከኣለሉ ጊዜ ስለዝነበረ ግምት ሓደ ቅርሺ ክቡር ኢዩ ነይሩ።



- ኣብ ማእከል መንገዲ እንተተዓሚፃ ዓቢይ ጽያፍ (ነውሪ) ስለዝኾነ ዓቢይ ዕዳ፤
- መንገዲ ግድሚ እንተኾይኑ፡ ካብ መንገዲ ንዕቅብ እንተሃዲማ ነፃ፤ ከመይ፡ ንደቀንሽትዮ ንዕቅብ ምህዳም ከም ነውሪ ይቑጸር ነይሩ፡ ስረ ስለዘይነበረን ጥራሖን ክረኣያ ድላየን ተሓዊሱዎ ከም ማለት ይውሰድ ነይሩ።
ካብ መንገዲ ንቁልቁል እንተሃዲማ እሞ ስዒቡዋ እንተዓመፃ ርግጽ ድላያ ከም ዘይተሓወሶ ስለዝውሰድ ዓቢይ ዕዳ ይውሰኖ።
- ወዲ (ወላ ወዲ 4 ዓመት ቈልዓ) ምሳኣ እናሃለወ እንተተዓሚፃ፡ ንኣኣ ካሕሣ ንኣኡ ከዓ ካሕሣ ይውሰን፤ ከመይ ጽባሕ ከማኡ ሰብኣይ ክኾን እናሃለወ ስለዝደፈሮ።

8/ ሰብኣይ ንሰበይቱ እንተወቕዐ፡
- ሰበይ ጸውዐለይ ኢላቶ እንተኣበያ ክልተ ካሕሣ ይኸፍል፤ ማለት ንሠለስተ ሽማግለ ሰብሕቲ፡ ንኣኣ ከዓ ምሉእ ካሕሣ ይኸሕሥ።
- ብሰብኣያ እንተተወቕዐት እሞ ንሰብ እንክይነገረት ሓዲጋቶ ገዛኣ ዓጺያ ናብ እዳ ኣቦኣ እንተኸደት ወላ ትወቓዕ ሰበይቲ ገዛኣ ዓጺያ ክትወጽእ ስለዘይብላ ነፃ ወይ ከዓ ንሳ ንሰብኣያ ትኽሕሥ።

9/ ቅጽዓት ደመኛ፡ ደም ኣብ ሠለስተ ይኸፈል፤
ሀ) ጸሊም ደመኛ ("ጻታ ቢ'ሊ ባዕላ") ኣብ ሕፅይቲ-ሕፁይ ማለት ብድንግልናኣ ኣብ ዘላ ዝወለደ "ፀሊም ደመኛ" ይበሃል፤
ለ) ቀይሕ ደመኛ ("ዓሳ ቢ'ሊ ባዕላ") ኣብ ሰበይቲ-ሰብኣይ ማለት ኣብ በዓልቲ ሓዳር ዝወለደ "ቀይሕ ደመኛ" ይበሃል፤
ሐ) ፃዕዳ ደመኛ ("ዓዶ ቢ'ሊ ባዕላ") ነፍሲ ዝቐተለ ወይ ሕይወት ዘሕለፈ ማለት ኢዩ።
እንስሳ እንክሕረዳ እንተረኣና መጀመሪያ ዝፈስስ ደም ፀሊም ኢዩ፤ ቐጺሉ ብካልኣይ ደረጃ ቀይሕ እናበለ ይኸይድ፤ ብሣልሳይ ደረጃ ኣብ ኣጋ ሕይወት ክሓልፍ ማለት ደም ናብ ምውዳኡ ገጽ ናይ ምቕያሑ ሕብሪ ናብ ማይ ይልወጥ። ናይ ደመኛ መቕጻዕቲ ሥሪት እንክውጽኡ ብሠለስተ ደረጃ ዝኸፈልዎ ብዙ መሠረት'ዙይ ኢዩ ዝመስል።

10/ መሰል ጓል ኣንስተይቲ፡
ኣብ ናይ ቀዳሞት ምምሕዳራዊ ሥርዓት ሥሪት (ሕግታት)፡ ብዛዕባ ጋር ነፍሲ ኮነ ብዛዕባ ሕነ ምፍዳይ እውን ኣብ ባህሎምን ሕጎምን እትዊ እኳ እንተነበረ፡ ብፍላይ መቐሎ-ንብረት ወለዳ ኮነ እንክትቅተል ሕነ ሞታ ምውጻእ ብዝምልከት ብደረጃ ሕጊ ንመጀመሪያ ጊዜ መሰል ጓል ኣንስተይቲ ክኽብርን ክረጋገጽን ዝተገብረ ኣብዙ ዲሞክራሲያዊ ሥሪት ኢዩ። ኣጀማምራኡ ከዓ ከምዙ ዝስዕብ ኢዩ ዝነበረ።